## ቢልዮናት ክቕየሩን፣ ንእግዚኣብሄር፣ ነቲ ስሉስ እግዚኣብሄር፣ ንመጀመርያ ግዜ ክፈልጡዎ ኢዮም

ቀዳም፣ ሕዳር 16፣ 2013 ሰዓት 22፣17

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ናብ ዓለም ብመለኮታዊ ምሕረተይ ክመጽእ እንከለኹ፣ ሰባት ንምሕረተይ ክደልዩ ዕድል ክዋሃቦም ኢዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ንብዙሓት ካብኣቶም እቲ ንመጀመርያ ግዜ ዝተኻፈልዎ ሓቀኛ ንስሓ ክኸዉን ኢዩ።

ነፍሲ ወከፎም፣ ዝኾኑ ይኹኑ ብዘይገድስ፣ ነዚ ብስልጣን ኣቦይ ዝተባረኸ፣ ነዚ ዘይተለምደ ራእይ ናተይ ክርእይዎ ኢዮም። **ንቕሓተ ሕልና ምስኡ ብዙሕ ቃንዛ ኬምጽእ ኢዩ፣ ምኽንያቱ እተን ዝጠፍኣ ነፍሲታት ዝስምዔን ጓሂ ኣዝዩ ካብ ምጽዓቑ ዝተላዕለ ነቲ ነውጺ ኣይክጻወርኦን ኢየን። ብዙሓት ሃለዋቶም ኣጥፊኦም ክወድቁ ኢዮም፣ ብጓሂ ተሰኒፎም።** እንተኾነ ግዳ ቅድሚ ናብ ዘልኣለማዊት ገነተይ ክኣትዉ ድሉዋት ምዃኖም'ሲ፣ ነፍሶም ክሳብ ክንደይ ምንጻህ ከምዘድልያ ክርድኦም ኢዩ። **እዞም ሰባት ሽዑ እቲ ካብኦም ዝጽበ እንታይ ምዃኑ ክፈልጡ ኢዮም'ሞ፣ ድሕሪ እቲ ዓብዪ ፍጻመ ንሓጺር ግዜ ናይ ንስሓ መቕጻዕቲ ክሳቐዩ ኢዮም። ብዙሓት ሰባት ዝሓልሙ ዘለዉ ክመስሎም ኢዩ። ገለ ድማ መወዳእታ ዓለም ኢዩ ኢሎም ክሓስቡ ኢዮም፣ ግን ኣይክኸውንን ኢዩ። እንተኾነ፣ ንደቂ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቀሪቦም ነብሶም ኬድሕኑ ንምሕጋዞም ዝዋሃቦም እቲ ናይ መወዳእታ መጠንቐቕታ ክኸዉን ኢዩ።**

ቢልዮናት ክቕየሩን ንእግዚኣብሄር፣ ነቲ ስሉስ እግዚኣብሄር፣ ንመጀመርያ ግዜ ክፈልጡዎን ኢዮም፣ ንህላዌ ፈጣሪኦም ብዝምልከት ስለ ዝተዋህቦም መርትዖ ድማ ኬመስግኑ ኢዮም። **ገለ ድማ ኣብኡ እንከሎ ካብ ብርሃነይ ክሕብኡን እዚ ድማ ክእመን ዘይኽእል ቃንዛ ስለዘምጽኣሎም ብዘይ ዝኾነ ንእሽቶ ጣዕሳ ኣብ ውሽጢ ነፍሲታቶም፣ ሕቖኦም ክህቡ ኢዮም።** ንጣልቃ ምእታወይ ክኽሕዱ ኢዮም። **ሽዑ እቶም ዝተረፉ፣ ጸዳል ምሕረተይ ምስ ረኣዩ፣ ክሕጎሱ ኢዮም፣ ምኽንያቱ እዞም ነፍሲታት ንህላዌይ ክዕዘቡ ብምኽኣሎም ኣዝዮም ካብ ምምስጋኖም ዝተላዕለ ብቕሊሉን ነቲ ካብ ትሕዞኦም ወጻኢ ንዝኾነ ህላወይ ብምንፋቕን ናብ ብርሃነይ ክሳሓቡ ኢዮም፣ ምኽንያቱ እዚ እቲ መዓጹ ሓዳስ ገነተይ ዝራሓዋሉ ግዜ ኣይክኸዉንን ኢዩ'ሞ።** ብኽም'ዚ ድማ፣ ኣብ'ቲ እዋን ከም ደቀ-መዛሙርተይ መጠን፣ ኣብ ክንዲ እቶም ንመሓሪት ኢደይ ዝነጽጉ ነፍሲታት ኳይኖም ናይ ንስሓ መቕጻዕቲ ክገብሩ ኣለዎም።

ንደቂ ሰብ ንዳግማይ ምጽኣተይ ንክዳለዉ ዕድል ንምሃብ ብእግዚኣብሄር ድሕሪ ዝግበር ዓብዪ ምትእትታው፣ ዓለም ብዙሕ ሕቶታት ክትሓትት ኢያ። ገለ ኣብ ውሽጢ ነፍሲታቶም ኣዝዮም ካብ ምልዋጦም ዝተላዕለ፣ ነቶም ካብ ምትላል ክድሕኑ ክሕግዙዎም ዝደልዩ ኣብ ምቕያሮም ብዙሕ ግዜያቶም ክውፍዩ ኢዮም። ካልኦት ድማ ክጣዓሱ ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣገዳስነት ኣብ ቅድሜይ ምቕራቦም ሙሉእ ብሙሉእ ክርድኡ ገለ ግዜ ክወስደሎም ኢዩ፣ ብዙሕ ካብ ኣድህብኦም ድማ ነብስታቶም ምሳይ ኣብ ምዕራቕን ከጥፍኡዎ ኢዮም።

**ድሕሬኡ ጸላእቲ እግዚኣብሄር እቲ መጠንቐቕታ ከቶ ከም ዘይተፈጸመ ክኽሕዱዎን፣ ብርሃን ጸሓይ ብናይ ሓንቲ ግዜ ፍጻመ ንመላእ ፕላነት ሃንደበት ምምልኡ፣ ምድሪ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሳ ዘንጊ ብምሕዋራ ዝመጸ፣ ኣድማሳዊ ፍጻመ ምዃኑ ንሚልዮናት ብምዕሻው ኬእምኑዎም ኢዮም።** እዚ ፍጹም ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኢዩ። ከምኡ'ውን፣ ነዚኦም ኩሎም ጠንቂታት እንዳቕረቡ እንከለዉ፣ ንህላወ እግዚኣብሄር ክኽሕዱን ንብዙሓት ካባይ ኬርሕቑዎምን ኢዮም። እቲ ዜሕዝን፣ ብዙሓት ናባይ ኣይክምለሱን ኢዮም፣ ብምትእትታው እግዚኣብሄር ጥራይ፣ ናብ ልቦም ክምለሱ ንጸላእቱ ክቓጽዕ ኣብ ዝግደደሉ፣ ኢዩ ነፍሲታት ክነጽሃ ዝኽእላ።

**ስለ'ዞም ምሕረታት ኣመስግኑ፣ ብዘይ እዚ ህያብ እግዚኣብሄር'ሲ ኣዝዮም ውሑዳት ሰባት ጥራይ ኢዮም ንመዓጹ ገነት ክኣትዉወን ክኽእሉ።**

የሱስኩም

**ንዓለም ክሕድሳ፣ ንወድ ሰብ ካብ መከርኡ፣ ጓሂኡን፣ ሓጥያቱን ነጻ ከውጽኦ እመጽእ ኣለኹ**
ሰንበት፣ ሕዳር 17፣ 2013 ሰዓት 14፣00

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ዓለም ንዓይ ንፍቑር መድሕኖም፣ ንወዲ ሰብ፣ ምስ ሙሉእ ክብረይ ክትርእየኒ እደሊ፣ መታን ናብ መለኮታዊ ምሕረተይ ክሳሓቡ።

ኩሎም፣ ብፍላይ እቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ፣ ክርእዩኒን ናባይ ቀዲሞም ክጎዩ እደሊ። ንሳቶም ቀዳሞት ዋኒነይ ኢዮም'ሞ ነዚ እብሎም። **ንዓይ ኣይትፈልጡንን ኢኹም። ኣይትርእዩኒን ኢኹም። ብኣይ ክትኣምኑ ኣይትደልዩን ኢኹም፣ ግን ኤፍቅረኩም ኢየ። ኣካል መንግስተይ ክትኮኑ እደሊ፣ መታን ብህያባት እታ ሓዳስ ገነተይ፣ ሓዳስ ዓለመይን፣ ሓዳስ ጅማረይን፣ ክሓጽበኩም። ንስኻትኩም፣ ስድራ ቤትኩም፣ ኣዝማድኩምን የዕሩኽትኹምን ምሳይን ምስ ኩሉ ደቂ ሰብ ከም ሓደ ክትኮኑ እደሊ። ክሳብ እታ ዓባይ ፍጻመ ክትጸንሑ ኣለኩም፣  እታ ዓለም ብጸዳለይ እትውልዓሉን ንዓሰርተው ሓሙሽተ ደቓይቕ ቀጥ እትብለሉን መዓልቲ።** ነዚ ክትርእዩን ኬተረጋግጹን እንከለኹም፣ ክትፈርሑ የብልኩምን። ፍቕረይ መለኮታዊ ምኳኑን፣ ዓለም ካብ'ታ ዕለት ጀሚሩ ምልላያ ክሳብ ትስእኑ ክትቅየር ምኳና ፍለጡ።

ካባይ ክትሃድሙ ኣይትፈትኑ፣ ምኽንያቱ ምስ ጽቡቕ ዜና ኢየ ዝመጽእ ዘለኹ። ንምድሪ ክሕድሳ፣ ንሰብ ድማ ካብ መከርኡ፣ ጓሂኡን ሓጥያቱን ነጻ ኬውጽኦ ኢየ ዝመጽእ ዘለኹ። ንኩሉ ሰብ ንህላወይ ዝምልከት መርትዖ ብምሃብ ኣብ ዓለም ንዘሎ ኩሉ ክፋእ ክድምስስ ኢየ ዝመጽእ ዘለኹ። እዚ ምስተዋህበኩም፣ ነታ ዝተመባጻዕኹዋ ዘልኣለማዊት ሂወት ኬዳልወኩም ክትፈቕዱለይ ኣለኩም። ዘልኣለማዊ ሂወት ማለት ብኣካልን ነፍሲን ምሳይ ንዘልኣለም እትነብሩዎ ሂወት ማለት ኢዩ። ካብ መከራኹም ኣናጊፈ ነቲ ብሰንኪ ህላወ ሰይጣን ክትጾርዎ ዘለኩም ቃንዛ ኬጥፍኦ ኢየ፣ ንሱ ድማ ንዘልኣለም ክስጎግ ኢዩ።

**ኣይትንጸጉኒ፣ ክኼስረኩም ኣይደልን ኢየ እሞ። ኣነ መድሕንኩም ኢየ። ኣነ እቲ ሓቂ ኢየ። ኣነ እቲ ፍቑርኩም የሱስ ክርስቶስ ኢየ፣ ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣነ ንዓለም ነብሰይ ክገልጻ ኢየ፣ ብፍላይ ድማ ነቶም ብኣይ ዘይኣምኑ።**

የሱስኩም

**ጸሎት ገድሊ (127) ነፍሰይን ነፍሲ ፍቑራተይን ንምድሓን፡-**

ሶኒ፣ ሕዳር 18፣ 2013 ሰዓት 20፣10

*ኦ የሱስ፣ ኣዳልወኒ፣ መታን ብዘይ ሕፍረት ኣብ ቅድሜካ ክመጽእ። ሓግዘና፣ ኣነን ፍቑራተይን (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ዘርዝር...) ንኩሎም ጌጋ ግብርታትና ክንናሳሕ መታን ክንዳሎ። ንሕጽረታትና መታን ክንቅበሎ። ስለ ኩሎም ሓጥያታት መታን ሕድገት ክንሓትት። ነቶም ዝበደልናዮም መታን ፍቕሪ ኬነርኢ። ስለ ድሕነት መታን ምሕረት ክንልምን። መታን ኣብ ቅድሜኻ ነብስና ትሕት ኬነብል፣ መታን ኣብ'ታ ዓባይ ዕለተ ንቕሓት፣ ሕልናይን ሕልና እቶም (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ጥቐስ...) ናጻ ክኸውንን መታን ንነፍሰይ ብመለኮታዊ ምሕረትካ ክተዕለቕልቖ። ኣሜን።*

*ኣነ ከም ናይ ምሕረት እግዚኣብሄር ጥራይ ኢየ ዝመጽእ። ኬፍርሓኩም ኣይኮንኩን ዝመጽእ፣ ንነፍሲ ወከፍኩም ብሓቂ ስለዜፍቅረኩም*

ሶኒ፣ ሕዳር 18፣ 2013 ሰዓት 20፣10

ኣዚኺ ፍቕርቲ ኳለይ፣ **ኣብ ቅድመይ ክቐርቡ ብቑዓት መታን ክኾኑ'ሲ ኩሎም ገዛእ ርእሲታቶም ከዳልዉ ኣለዎም፣ ምኽንያቱስ ከም ሰራቒ ብለይቲ ክመጽእ ኢየ'ሞ ብዙሓት እንታይ ከምዝኸዉን ዘሎ ኣይክፈልጡን ኢዮም። ስለ'ዚ፣ ነፍሲ ወከፍኩም ሕጂ ናባይ ክትናስሑስ ኣገዳሲ ኢዩ።**

ጸላእተይ ንዓኹም ንምትላል ሃቀናታቶም ድፍረት ኣብ ዝውስኸሉ፣ ብጠዋይ ትርጉማት ክትክእዎ እንከለዉ ሓቅነት እቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃለይ ክደምቕ ኢዩ። **ሕጂ ኣብ ነፍሲታትኩምን ዘለውኦ ኩነታተንን እተተኩሩሉ ግዜ ኢዩ።** ነቲ ብኣይ ዘይኣምን ሰብ ከምዚ እብሎ፣ ኣብ ቅድሜኻ ክመጽእ እንከለኹ መን ምዃነይ ብምፍላጥካስ ምቕሰንካ'ዶ? ምሳይ ምመጻኻ'ዶ? ክወስደካየ'ሞ ንብዓትካ ክሕብስ ኢየ፣ ክብሪ ዝመልኦ ሂወት ድማ ክትነብር ኢኻ፣ እዚ ግን ሓንሳብ ንዓይ ምስተናሳሕካን ናብ ምሕረተይ ክወስደካ ምስ ሓተትካንን ኢዩ።

ነቲ ብኣይ እትኣምን ሰብኣይ፣ ኣብ ቅድሜይ ደው ክትብል ክትክእል ዲኻ፣ ብዘይ ሕንከት? ኣብ ቅድመይ ምመጻኻ'ዶ፣ ንኩሉ እቲ ብዛዕባ ኣነ ዝማሃርኩኻ እትገብሮ ብንጹህ ነፍሲ ምዃኑ እናፈለጥካ? ዝኾነ ይኹን። ንዓይ ከም'ዚ ክትብለኒ እንከለኻ፣ "የሱስ፣ ይቕረ ግበረለይ፣ ክስዕበካ እደሊ ኢየ።" ክትድሕን ኢኻ።

ነቲ ብኣይ እትኣምን፣ ኮይኑ ግን ኣብነታዊ ብምዃንካ ንስሓ ኣይድልየንን ኢዩ ኢልካ እትኣምን፣ ንስኻ'ውን ኣብ ቅድመይ ክትቀርብ ብቑዕ ዲኻ? ንኩነታት ነፍሲኻ ከርእየካ እንከለኹ፣ ኣብ ቅድሜይ ክትቀርብ ብቑዕ ከይኴንካ እንከለኻ ብቑዕ ኢየ ኢልካ'ዶ ክትሚገት ኢኻ? ህያብ ምሕረተይ ተቐቢልካ ኣበሳኻ ክትቅበል ዘይትኽእል እንተ'ኴንካ፣ ካባይ ተፈሊኻ ክትጸንሕ ኢኻ፣ ድሕሬኡ ክትዕረ ሓንቲ ዕድል ምድንጓይ ጥራይ ኢየ ዝህበካ።

**ኩሉኹም ደቂ ሰብ፣ መጀመርያ ነፍሲኹም ከተዳልዉዋ እሓተኩም።** ኣብ'ቲ እዋን መጠንቐቕታ፣ ሙሉኣት ኳንኩም ኣብ ቅድሚ ህላወ ናተይ ደው ክትብሉ ድሉዋት ቅድሚ ምዃንኩም፣ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ነፍሲኹም ኬተዔርዩ ኣለኩም። ከምኡ እንተዘይጌርኩም፣ ብኣቐንዛዊ ዝኾነ ናይ ምንጻህ መስርሕ ክትሓልፉ ክህልወኩም ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ሲኦልኩም ኣብ ምድሪ ኬተሕልፉዋ ኢኹም፣ ቅድሚ ምጽባሕ መዓልቲ ዳግማይ ምጽኣተይ። ንነፍሲታት ነፍሲ ወከፍኩምን ንፍቑራትኩምን ነዚ ጸሎት ገድሊ ክትደግሙ እምሕጸነኩም።

**ጸሎት ገድሊ (127) ንነፍሰይን ነፍሲ ፍቑራተይን ንምድሓን፡-**

*ኦ የሱስ፣ ኣዳልወኒ፣ መታን ብዘይ ሕፍረት ኣብ ቅድሜካ ክመጽእ። ሓግዘና፣ ኣነን ፍቑራተይን (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ዘርዝር...) ንኩሎም ጌጋ ግብርታትና ክንናሳሕ መታን ክንዳሎ። ንሕጽረታትና መታን ክንቅበሎ። ስለ ኩሎም ሓጥያታት መታን ሕድገት ክንሓትት። ነቶም ዝበደልናዮም መታን ፍቕሪ ኬነርኢ። ስለ ድሕነት መታን ምሕረት ክንልምን። መታን ኣብ ቅድሜኻ ነብስና ትሕት ኬነብል፣ መታን ኣብ'ታ ዓባይ ዕለተ ንቕሓት፣ ሕልናይን ሕልና እቶም (ኣስማቶም ኣብ'ዚ ጥቐስ...) ናጻ ክኸውንን መታን ንነፍሰይ ብመለኮታዊ ምሕረትካ ክተዕለቕልቐ። ኣሜን።*

ንኩሉ'ቲ ኣነ ዝማሃርኩኹም ነብስኹም እተዘኻኽሩሉ ግዜ ሕጂ ኢዩ። **ሕጂ ነቶም ዓሰርቱ ትእዛዛት እትምርምሩሉን ንነብስኹም ብመሰረት እዞም ትእዛዛት ብሓቂ ሂወታትኩም መሪሕኩም እንተ'ኼንኩም እትሓቱሉ ግዜ ኢዩ።**

**ምስ ነብስታትኩም ቅኑዓት ኩኑ፣ ምኽንያቱ እንተዘይኴንኩም - በዚ ኮነ በቲ - ኣብ ሂወት ዘመንኩም ከመይ ንዓይ ከምዘጒሃኹምኒ ክትፈልጡ ኢኹም። እንተ'ኾነ፣ ኬጸናንዓኩም ፍቐዱለይ።**

ኣነ ከም ናይ ምሕረት እግዚኣብሄር ጥራይ ኢየ ዝመጽእ። ከፍርሓኩም ኣይኮንኩን ዝመጽእ፣ ምኽንያቱ ንነፍሲ ወከፍኩም ብሓቂ ኢየ ዜፍቅረኩም፣ ዝገበርኩም ግበሩ፣ እንተኾነ ግዳ ዓቕለይ ውሱን ኢዩ። እቶም ኣንጻር እግዚኣብሄር ዝፈጸሙዎ ሓጥያቶም መጉሃዪ ምኽኑ ዝቕበሉ ጥራይ ኢዮም ናብ መለኮታዊ ምሕረተይ ዝሕቆፉ። እቶም ንዓይ ዝነጽጉኒ ነብሶም ኬድሕኑ ዘለዎም ግዜ ሒደት ክኸዉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ነቶም ኣባጊዕ ካብተን ኣጣል ክፈልዮም ኢየ። እቲ ሓደ ምሳይ ክመጽእ ኢዩ። እቲ ሓደ ወገን ክተርፍ ኢዩ፣ ድሕሬኡ እቲ ሓድሽ ጅማረ ኩሉ ፍጥረት ከም ዝፈልጦ ክግበር ኢዩ። እቶም ንዓይ ዜፍቕሩኒ ጥራይ ኢዮም ዘልኣለማዊ ሂወት ዝዋሃቡ።

**ሕጂ ጻውዒተይ ስምዑ፣ ነዚ ዝገብረሉ ምኽንያት'ሲ ቅድሚ'ታ መዓልቲ መጠንቐቕታ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ካባኻትኩም ብግቡእ ተዳሊኹም ክትጸንሑ መታን ኬረጋግጽ ኢዩ።**

የሱስኩም

**ኣብ’ታ መዓልቲ፣ ነቶም ህያዋን ክእክቦም ኢየ**

ሰሉስ፣ ሕዳር 19፣ 2013 ሰዓት 20፣00

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣብ ብዙሓት ክርስቲያናት ሂወታት፣ ኣነ ከም’ዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክተሳሰዮ ዘለካ ግን ከኣ ኩልግዜ ካብ ዓይኒ ርሒቑ ክቕመጥ ዘለዎ ዘሕፍር ዘመድ ኮይነ ኣለኹ። ብዙሓት ካብቶም ክርስቲያናት ኳይኖም ዝተወልዱ እሞ ካባይ ርሒቖም ዝወደቑ ከም’ዚ ኢዮም ዝርእዩኒ። ብዙሕ ኣገዳስነት የብለይን፣ ኮይኑ ግን ኣብ ሽግር ኣብ ዝኣትዉሉ፣ ከይተፈለጦም ናባይ ክጽውዑ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ንዓኣቶም ካልኣይ ፍጥረቶም ኢዩ።

ስለምንታይ፣ ከቶ፣ ስለምንታይ፣ ክቕበሉኒ ዘይኽእሉ? መን’ዩ ንሰብ ካባይ ፈልይዎ? ስለምንታይ ኢዮም እቶም ቅዱሳት ኣገልገልተይ ናባይ ከምጽእዎም ዘይካኣሉ? ናይ ሎሚ ስቓየይ ልክዕ ከም’ቲ ኣብ ግዜ ሕማማተይ ዝነበረ ኢዩ፣ ሕጂ ድማ እቶም ንዓይ ሓቀኛታት ኳይኖም ዝጸንሑ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክርሕርሑኒ ኢዮም። ነዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት ነቲ ብልክዕ ኣነ መን ምዃነይን ኪዳነይ ብሓቂ እንታይ ማለት ምዃኑ ብዛዕባ ዘለዎም ርድኢት ዳግመ-ግምት ክገብሩሉ ክጅምሩ ስለዝኾኑ ኢዩ - እዚ ኩሉ ብሰንኪ እቶም ዝመጹ ኑፋቄታት ኢዩ።

ኩሉ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያናተይ ንዓይ ዝዋሃብ ኣኽብሮት፣ ኣብ ቀረባ ግዜ ከም’ዚ ናብ ኣንፈተይ ዝግበር ተራ ምንቕናቕ ርእሲ ክወርድ ኢዩ። ድሕሪ ደጊም ኣብ ቅድሚ መቕደሳተይ ምንብርካኽ ኣይክህሉን ኢዩ። ኣብ ቅድሜይ ኣይክሰግዱን ኢዮም ወይ ድማ ኣይከብሩኹን ኢዮም፣ ኣብ ቅድሚ ኣብ መስቀል ዘሎ ኣካለይ እውን ኣይክጽልዩን ኢዮም፣ ምኽንያቱ እቲ ከኽብርዎ ዝሕተቱ ምስሊ’ሲ ናተይ ኣይክኸዉንን ኢዩ። **ክግረፍን መስሓቕ ኰይነ ከምዝርኤ ክኸዉንን ኢየ። ቃላተይ ናብ ኣዝዮም ፍሉያት እኩባት ቃላት ክቕየሩ ኢዮም፣ ከምኡ’ውን እቲ ሓቅነት ናይ መስቀል ሞተይ ክድርበ ኢዩ።**

**ሕጂ’ውን ኣብ’ዚ እዋን ህላወይ ኣብ ምድሪ ኢዩ። ክትርሕርሑኒ የብልኩምን፣ ከምኡ እንተጌርኩም፣ ብርሃነይ ክጠፍእ ኢዩ፣ ድሕሬኡ ንስኻትኩም ብደልሃመት ክትጉብኡ ኢኹም። እቶም ንዓይ እሙናት ኮይኖም ዝጸንሑ ጥራይ ኢዮም ንባርዔይ ዓቒቦሞ ዝጸንሑ፣ ብርሃን ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ናብ ጽልግልግ ዝብል ብርሃን ክወርድ እንከሎ ድማ - ሽዑ እቲ ናይ መወዳእታ ጻውዒት ካብ ሰማያት ክስማዕ ኢዩ። ኣብ’ታ መዓልቲ ንህያዋን ክእክብ ኢየ። እቶም ዝተረፉ ምስቶም ተኣማንነቶም ዝሃቡዎም ጸላእቲ እግዚኣብሄር ክተርፉ ኢዮም። ድሕሪኡስ ሓጎስ ዝበሃል ኣይክርእዩን ኢዮም።**

የሱስኩም

**ከም ንጉስ ምሕረት ክመጽእ እንክለኹ፣ ብዛዕባ መን ምኳነይን እንታይ ምኳነይን ዋላ ሓንቲ ነፍሲ ኣብ ዝኾነ ጥርጥር ኣይክተርፍን ኢያ**

ረቡዕ፣ ሕዳር 20፣ 2013 ሰዓት 14፣15

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንኩሎም ሰዓብተይ - ኩሎም ብኣይ፣ ብየሱስ ክርስቶስ፣ ዝኣምኑ ዘበሉ - መዓልታዊ ንዓይ ጸሎቶም ዘዕርጉሉ ግዜ ክፈልዩ ንገርዮም፣ መታን ነቶም ካባይ ዝጠፍኡ ነፍሲታት ኬድሕኑ። በቶም ንዓኻትኩም ዝህበኩም ጸጋታት፣ ኣምሳይኡ ዝደልዮ፣ ነቶም ልበይ ዝሰብርዎ ነፍሲታት ኬተምጽኡለይ ክትሕግዙኒ ኢዩ።

ብሰንኪ ምፍላይ ደቂ ሰብ ካባይ፣ ካብ የሱስ ክርስቶስ፣ ዝስማዓኩም ቃንዛ ክትጸርዎ ክሓተኩም ኣለኒ። እዚ ብሰንኪ ምምቃል ምድሪዊት ቤተ ክርስቲያንኒይ ክስዕብ ኢዩ። ነዚ ስቅያት ብሙሉእ ተኣዛዝነት ብምቕባል፣ ነቲ እቲ እከይ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር ንምእዋጅ ኣዝዮም ድኹማት ዝኾኑ ዘርእዮ ትሕዞ ክስዕሮ እኽእል ኢየ። **ነዚ ተልእኾ ፈጺምኩም ክትፈርሑዎ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ብሊጋስነት ፍቑር ኣቦይ ንዓለም ዝተዋህበ ስለዝኾነ። ሓደ እኳ ካብ ደቁ መታን ከይጠፍኡዎ፣ ንፍጡራቱ ብሙሉኣቶም መሊሱ ክእክብ ጥራይ ኢዩ ዝደሊ።**

**ዘጭንቐልኩም፣ ዘባጭዉልኩም፣ ዘሳጉጒኹም መን ምኳኖም ብዘየገድስ፣ ኣብ ልዕሊቶም ኣብ ገጻይ ዝተፍኡለይ ዝወርድ መቕጻዕቲ ጥራይ ዘክርዎ። ድሕሬኡ፣ ነቲ ላግጺ ዕሽሽ ኢልኩም ንነፍሲ ወከፍ እዞም መሳኪን ነፍሲታት ኣበርቲዕኩም ክትጽልዩሎም ኣለኩም።** ብልቢ ለጋሳት ኩኑ እሞ ብቅዱስ መንፈሰይ ክትምልኡ ኢኹም፣ መታን ብድሕሬኡ ኣብ ጎኒ ሰማያዊ ሰራዊተይ ኳይንኩም ንዓለም ካብ እከይ ንምድሓን ክትቃለሱ። ስለዚስ፣ ብፍቕሪን እምነትን ክትጽበዩ ኣለኩም፣ ሽዑ ዓበይቲ ቡራኼታት ከምጽኣልኩም ኢየ።

ተስፋ ብሰንኪ ፍርሒ ክንጸግ የብሉን። ፍርሒ ካብ'ቲ ካባኹም ዝጽበ ዕማም ኬውረኩም የብሉን፣ ከም መሓሪ ንጉስ ክመጽእ እንክለኹስ፣ መታን ዋላ ሓንቲ ነፍሲ ብዛዕባ መን ምኳነይን እንታይ ምኳነይን ኣብ ጥርጥር ክትተርፍ ስለዘይብላ። ብሓደ ተኣከቡ። ሕበሩ። ንኩሎም ነፍሲታት ናብ መሓርቲ ኣእዳወይ ኣምጽኡወን። ነዚ ክገብር መታን ክትሕግዙኒ፣ ነዚ ፍሉይ ጸሎት ገድሊ ክትደግሙ ኣለኩም፣ መታን ንኩለን ነፍሲታት ኣብ ምእካብን ምሕባርን ክትሕግዙኒ።

**ጸሎት ገድሊ (128) ንኩሎም ነፍሲታት ንምእካብን ምሕባርን፡-**

*ኣዚኻ ክቡር የሱስ፣ ንዓለም ናብ ኣእዳዉካ ክንእክባን ነቶም ምሕረትካ ዝያዳ ንዘድልዮም ነፍሲታት መታን ክንቅርበልካ፣ ንዓና ንፍቕራት ደቀ-መዛሙርካ ሓግዘና።*

*ባርዕ ሓቂ ንኩሎም እቶም ካባኻ ዝተፈልዩ ከም እትውሕጥ መታን ኬነረጋግጽ'ሲ፣ ብህያብ እቲ መንፈስ ቅዱስ ኣሐይለና።*

*ነፍሲ ወከፎም ኩሉ ዕድል ዕርቂ መታን ክዋህቦም ንኩሎም ሓጥኣን ኣሕብር።*

*ነቲ ብመንገዲ እቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ወንጌላት ንዓለም ዝተኣወጀ ሓቂ ክንነጽጎ ኣብ እንግደደሉ፣ ንቅዱስ ቃልካ መታን ጸኒዕና ክንጸንሕ ንኩልና ጽንዓት ሃበና።*

*ነፍሲ ወከፍ ንጽል ስጉምቲ ናይ'ዚ ጉዕዞ ድሕነት፣ ኣባኻ፣ ምሳኻን፣ ንዓኻን ክንጸንሕ ኢና። ኣሜን።*

**ሰላም ይሃልኹም። ኣባይ ተኣመኑ። ንኩሎም ጸሎታትኩም ኣብ ትሕቲ እግረይ ግደፉዎም፣ ስሙ ንዓይ ዝቐረበ ዝኾነ ነፍሲ ንምድሓንን ካባይ ዝተሓተተ ንጽል ሕቶ ክምልሰሉ ኢየ።**

የሱስኩም

**ጸሎት ገድሊ (128) ንኩሎም ነፍሲታት ንምእካብን ምሕባርን፡-**

ረቡዕ፣ ሕዳር 20፣ 2013 ሰዓት 14፣15

*ኣዚኻ ክቡር የሱስ፣ ንዓለም ናብ ኣእዳዉኻ ክንእክባን ነቶም ምሕረትካ ዝያዳ ንዘድልዮም ነፍሲታት መታን ክንቅርበልካ፣ ንዓና ንፍቑራት ደቀ-መዛሙርካ ሓግዘና።*

*ባርዕ ሓቂ ንኩሎም እቶም ካባኻ ዝተፈልዩ ከም እትውሕጥ መታን ኬነረጋግጽ'ሲ፣ ብህያብ እቲ መንፈስ ቅዱስ ኣሐይለና።*

*ነፍሲ ወከፎም ኩሉ ዕድል ዕርቂ መታን ክዋህቦም ንኩሎም ሓጥኣን ኣሕብር።*

*ነቲ ብመንገዲ እቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ወንጌላት ንዓለም ዝተኣወጀ ሓቂ ክንነጽጎ ኣብ እንግደደሉ፣ ንቅዱስ ቃልካ መታን ጸኒዕና ክንጸንሕ ንኩልና ጽንዓት ሃበና።*

*ነፍሲ ወከፍ ንጽል ስጉምቲ ናይ'ዚ ጉዕዞ ድሕነት፣ ኣባኻ፣ ምሳኻን፣ ንዓኻን ክንጸንሕ ኢና። ኣሜን።*

**ፍቕሪ ዝዕምብበሉ ምኽንያት ህያብ እግዚኣብሄር ስለዝኾነ ኢዩ፣ ንክፋእ ኬጥፍእ ድማ ሓይሊ ኣለዎ**

ቀዳም፣ ሕዳር 23፣ 2013 ሰዓት 17፣00

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ኣገዳስነት ፍቕሪ፣ ከምኡ'ውን ንዕኡ ተጠቒምኩም ንእከይ ክትስዕሩ ከምእትኽእሉ፣ ብዘይ ንሱ ድማ እከይ ከምዘስፋሕፍሕ ክገልጽ እፈቱ።

ሰይጣን ኬፍቅር ኣይክእልን ኢዩ፣ ኣብ ክንድኡ ብዛዕባ ንሱ ዝኣምኖ ሓይሉን ዕቤቱን ጥራይ ኢዩ ዝሓስብ። ንነፍሲታት ክወርር እንከሎ፣ እቲ ናይ መጀመርያ ነገር ዝገብሮ ኣብ ውሽጢ'ቲ ነፍሲ ዘሎ ፍቕሪ ምጥፋእ ኢዩ። ነዚ ምስፈጸመ፣ ሕሱም ዝኾነ ጽልኢ ኣብ'ታ ነፍሲ የስርጽ እሞ፣ እዚ ጽልኢ ኢዩ ምምቕቓል ዘስዕብ። ጽልኢ ዘንቅሎ ምምቕቓልን ዘይምስምማዕን፣ ሓደ ነፍሲ ኣንጻር ካልእ ናብ ዝፍጽሞ ቅብጸታዊ ግብርታት ከመርሕ ይኽእል። እዞም ጽልኢ ዝተመልኡ ግብርታት ብዙሕ ግዜ ናብ ክቱር ጭካነ ክሳብ ቅትለት ከመርሑ ይኽእሉ። ሓጥያት ትዕቢት ኣብ ነፍሲታት ሰሪጹ ኣሎ፣ እዞም ነፍሲታት ንዲያብሎስ ነብሲታቶም ይኸፍቱ'ሞ እዚ ድማ ናብ ምሕረት ኣልቦ ጥሙሕን ስስዔን ይመርሕ። ግን፣ ፍቕሪ ኣብ ዘለዎ፣ ኣብኡ ህላወ እግዚኣብሄር ኣሎ።

ፍቕሪ ዝዕምብበሉ ምኽንያት ህያብ እግዚኣብሄር ስለዝኾነ ኢዩ፣ ንክፋእ ኬጥፍእ ድማ ሓይሊ ኣለዎ። ፍቕሪ ስሱዕ ኣይኮነን። ፍቕሪ ሊጋስ፣ ሓዳግን ብሓጥያት ትዕቢት ዘይደገለን ኢዩ። ንእግዚኣብሄር መዓልታዊ ህያብ ፍቕሪ ክትሓትዎ ኣለኩም፣ ንሱ ምስተዋህበኩም ድማ ኣንጻር ጽልኢ ከም ድርዒኹም ተጠቐሙሉ። ፍቕሪ፣ ኣብ ንጹህ ነፍሲ ክህሉ እንከሎ፣ ካብ'ቶም ንእግዚኣብሄር ካብ ሂወታቶም ዜውጽኡዎ ጽልኢ ይስሕብ ኢዩ። ነቲ ካብ'ቶም ብፍቕሪ እግዚኣብሄር ዝተመልኡ ነፍሲታት ዜንጸባርቕ ብርሃን እግዚኣብሄር ክጻወሩዎ ኣይክእሉን ኢዮም።

ሕጂ ኪዱ፣ ነቶም ዓብዪ ሓገዘይ ዘድልዮም ነፍሲታት ኩሎም ንምሕጋዝ ፍቕሪ ክትጥቀሙ ከምዘለኩም ፈሊጥኩም። በጃኹም ነዚ ንህያብ ፍቕሪ ዝጽሊ ጸሎት ገድሊ ድገሙ።

**ጸሎት ገድሊ (129) ስለ ህያብ ፍቕሪ፦**

*ዎ እግዚኣብሄር፣ በጃኻ ብፍቕርኻ ምልኣኒ።*

*ህያብ ፍቕሪ ምስቶም ምሕረትካ ዘድልዮም ክካፈሎ ሓግዘኒ።*

*ዝያዳ ኬፍቅረካ ሓግዘኒ።*

*ነቶም ፍቕርኻ ዘድልዮም ኬፍቅሮም ሓግዘኒ።*

*ንጻላእትኻ ኬፍቅሮም ሓግዘኒ።*

*በቲ ዝባረኽካኒ ፍቕሪ ንኩሎም እቶም ምሳይ ርክብ ዝገብሩ ልብታቶም ክመልእ ክጥቀመሉ ፍቐድ።*

*በቲ ኣብ ነፍሰይ እተሕድሮ ፍቕሪ፣ ንኩሉ ክፋእ ክስዕሮ፣ ንነፍሲታት ክቕይረንን ንዲያብሎስን ንኩሎም እቶም ሓቅነት ቅዱስ ቃልካ ክድምስሱ ዝፍትኑ ርጉማት ወኪላቱ ክስዕሮምን ሓግዘኒ። ኣሜን።*

ኣነ ፍቕሪ ኢየ። ብሓቂ ኬተፍቅሩኒ እንከለኹም፣ ነፍሲኹም ብብዙሕ ፍቕሪ ኬዕለቕልቓ ኢየ፣ በዚ ፍቕሪ ድማ ንዓለም ኬድሕና ክትሕግዙኒ ኢኹም።

የሱስኩም

**ጸሎት ገድሊ (129) ስለ ህያብ ፍቕሪ፡-**
ቀዳም፣ ሕዳር 23፣ 2013 ሰዓት 17፣00

*ዎ እግዚኣብሄር፣ ብኛኻ ብፍቕርኻ ምልኣኒ።*

*ህያብ ፍቕሪ ምስቶም ምሕረትካ ዘድልዮም ክካፈሎ ሓግዘኒ።*

*ዝያዳ ኬፍቅረካ ሓግዘኒ።*

*ነቶም ፍቕርኻ ዘድልዮም ኬፍቅሮም ሓግዘኒ።*

*ንጸላእትኻ ኬፍቅሮም ሓግዘኒ።*

*በቲ ዝባረኽካኒ ፍቕሪ ንኩሎም እቶም ምሳይ ርክብ ዝገብሩ ልብታቶም ክመልእ ክጥቀመሉ ፍቓድ።*
*በቲ ኣብ ነፍሰይ እተሕድሮ ፍቕሪ፣ ንኩሉ ክፋእ ክስዕሮ፣ ንነፍሲታት ክቕይረንን ንዲያብሎስን ንኩሎም እቶም ሓቅነት ቅዱስ ቃልካ ክድምስሱ ዝፍትኑ ርጉማት ወኪላቱ ክስዕሮምን ሓግዘኒ። ኣሜን።*

*ቢልዮናት ሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘልኣለማዊ ክብሪ ዘለዎ ሂወት ኬስተማቕሩ ኢዮም*

ሰንበት፣ ሕዳር 24፣ 2013 ሰዓት 16፤45

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ **ካብ እግዚኣብሄር ብምፍላዮም ደቂ ሰብ ንዘሕለፍዎ ስቓይ ዕረፍቲ ኬምጽኣሎም ክመጽእ እንከለኹ፣ ኩሎም ነዚ ዓብዪ ምሕረት ኬመስግኑ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት፣ ቢልዮናት ሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘልኣለማዊ ክብሪ ዘለዎ ሂወት ኬስተማቕሩ ኢዮም።**

**ኣብ'ቲ ደድሕሪ መጠንቐቕታ ዝስዕብ ዳግማይ ምጽኣተይ እግዚኣብሄር ንደቁ ዘለዎ ውጥን ክፍጽም እንከሎ፣ በዚ ዓብዪ ተግባር ምሕረት፣ ነቲ ዓብዪ ዜና እቲ ክቡር መብጽዓ ኤምጽእ።** ኩለን ነፍሲታት ህያብ ምሕረተይ ክዋሃባ ኢየን፣ እንተኾነ ግን ኩለን ኣይክቕበልኦን ኢየን። እተን ክቕበልኦ ዘይደልያ እንታይ ዓይነት ሂወት ከም ዝደልያ ክውስና ሓጺር ግዜ ክዋሃበን ኢዩ። ብኣካልን መንፈስን ሙሉእን ፍጹምን ሂወት ኣብ ሓዳስ ገነተይ ክመርጹ ይኽእሉ ወይ ድማ እግዚኣብሄር ዘይብሉ ሂወት ክመርጹ ይኽእሉ። እቶም እንታይ ይውፊ ከምዘለኹ ዝርድኡ ዘበሉ ነዚ ዓይነት ህያብ ፈጺሞም ክነጽጉ የብሎምን። እንተኾነ እቶም ንዓይ ዝነጽጉኒ፣ ኣብ ጸላም ብምንግርጋሮም ዕጉባት ክኾኑ ኢዮም፣ ኣየገድስን ኢዩ ኢሎም ብምእማኖም። እቲ ዘይፈልጡዎ ነገር'ሲ ኣብ መወዳእታኡ ካባይ ምስተፈልዩስ ሕሱም ቃንዛ ከምዝስምዖም ኢዩ። ንነብሶም ዋላ ሓንቲ ክርእዩሉ ኣብ ዘይክእሉ ኣብ ድቕድቕ ጸላም ዝኾነ ደልሃመት ክረኽቡዋ ኢዮም። ዋላ ሓደ ኣይክህልዎምን ኢዩ። ኩሉ እቲ ዝስምዖም ነገር'ሲ፣ እቲ ንዘልኣለም ክጻወርዎ ዝግደዱ ከም ሴፍ ብውሽጦም ሰንጢቑ ዝሓልፍ ብርቱዕ ሃልሃልታ ሓዊ ኢዩ።

ካብ እግዚኣብሄር ምፍላይ ዝተፈጥረሉ፣ ሳጥናኤል ንኣዳምን ሄዋንን ብመንገዲ ናይ ትዕቢት ሓጥያት ምስ ፈተኖም ኢዩ። **ናይ ትዕቢት ሓጥያት መሰረት ኩሉ ሓጥያትን እቲ እንኮ ንሰብ ምስ ሰይጣን ዝጠምሮን ኢዩ።** ንዘፋነይ ኬምልስ ክመጽእ እንከለኹ፣ እዚ ምክፍፋል ክተርፍ ኢዩ። እቶም ንዓይ፣ ምሳይን፣ ኣባይን ዝኾኑ ከም ሓደ ክሓብሩ ኢዮም። ኣብ'ቲ መወዳእታ ኣብ ዝመጻሉን ንዓለም ኣብ ዝፈርደሉን፣ እቶም ካባይ ነብሶም ዝፈለዩን ንዓይ ምንጻጎም ዝቕጽሉን፣ ነቲ ኣነ ዘይህልወሉ ናይ መወዳእታ መፈጸምታ ክርእይዎ ኢዮም። እቲ ኣነ ምጽንናዕ ክህቦም ኣብ ዘይክእለሉ። መሊሰ ክስሕቦም'ውን። ድሕሬኡ ዘልኣለማዊ ቃንዛን ስቓይን ምስ'ቲ ኣራዊትን ኩሎም ኣጋንንቱን ኣብ ገሃነመ-እሳት ኬሕልፉ ኢዮም።

ኬፍርሓኩም፣ ኬናውጸኩም፣ ወይ ድማ ስቓይ ኬስዕበልኩም ኣይደለን ኢየ፣ ግን መታን እቶም ሳዕቤናት ክትርድኡዎም፣ ነቲ ሓቂ ክነግረኩም ኣለኒ። ብዙሓት ካባኻትኩም ብገሃነም ኣይትኣምኑን ኢኹም። ብእኡ ዘይትኣምኑሉ ምኽንያት'ሲ፣ ንነዊሕ ግዜ ብዛዕብኡ ስለዘጋገዩኹም ኢዩ። **ገነት፣ ገሃነምን ሲኦልን ኣለዋ። ኣብ'ታ መወዳእታ መዓልቲ ክልተ ኣሃዱታት ጥራይ ኢየን ክህልዋ - እታ ሰማይን ምድሪን ሓደ ምስኮና እትመጽእ ሓዳስ ገነትን እቲ ማዕሙቕ ዝኾነ ገሃነምን።**

ንሓቂ ክትቅበሎ ከቢድ ኢዩ፣ እንተኾነ ግን ነቲ ሓቂ ከይፈለጥኩም ንዕጫኹም ክትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

የሱስኩም

**ኪዳነ ምሕረት፡-  ጸላእቲ እግዚኣብሄር፣ ነቶም ቤተ መቕደሳት ክሳብ ዜራኽሱስ፣ ሕሱም ርኽሰታት ክፍጽሙ ኢዮም**

ሶኒ፣ ሕዳር 25፣ 2013 ሰዓት 17፣25

**‘ዛ ጓለይ፣ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ምስተታሕዘት፣ እቶም ድሒሮም ዝስዕቡ ሰንሰለታዊ ፍጻመታት፣ ልክዕ ከምቲ ኣብ ግዜ ስቕለቱ ዝኾኑ ክኸዉን ኢዩ።**

ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንኣካሉ ተቖጻጺሮም ከራኽሱዋ እንከለዉ ዘሎ ጫውጫውታ መጽመም ክኸዉን ኢዩ። ንሳቶም ክሕጎሱን፣ ኣብ ሞንጎ ዓብዪ ዕልልታ፣ ነቶም ኣብ ኩሉ ዝስምዑ ኣምሰሉታት ዓበይቲ ኣዋጃት ክጭድሩ ኢዮም፣  ምኽንያቱ እዚ እቲ ንብዙሓት ተረርቲ ጸላእቲን ናይ ቀደም ጸላእቲ ቤተ ክርስቲያን ወደይን ዝኸስቡሉ ኣጋጣሚ ክኸዉን ስለዝኾነ። **ኩሉ ዓይነት ትርጉም ቅዱስ ቃል ወደይ ካብ ኣፉ ክፈስስ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ሓሶት፣ መታን ትርጉም ክህብ ተባሂሉ ብጥበብ ተኸዊሉ፣ ንደቂ እግዚኣብሄር ናብ’ዛ ሓዳስ ዝተሃደሰት ቤተ ክርስቲያን ንምስዳዕ ክጥቀሙሉ ኢዮም። ነፍሲ ወከፍ ሓጥያት ምኽኑይ ክገብርዎ ኢዮም፣ መታን ብዙሓት ግሉላት ናብ ኣብያተ መቕደስ እግዚኣብሄር መርሓባ ክብልዎም፣ ክሳብ ኣብ መወዳእታኡስ ሙሉእ ምድንጋር ኣብ ውሽጢ መናድቐ ዝርኤ።**

**ንቤተ ክርስቲያን ወደይ፣ ሕጡብ ብሕጡብ ኣብ ዘፍረሱሉ ግዜ እቶም ንወደይ ዝተረፉዎ ክሃድሙላ ክግደዱ ኢዮም።** እቶም ንቤተ ክርስቲያን ወደይ እሙናት ኳይኖም ዝጸንሑ ዘቕርቡዎ ነፍሲ ወከፍ ምጉት፣ ነፍሲ ወከፍ ኣመትን ነፍሲ ወከፍ ምክልኻልን፣ ክንጸግ ኢዩ። **እዚ እቲ ድምጺ ኣልቦ ስቕለት ኢዩ፣ ልክዕ ከም’ቲ ወደይ ብዘይ ብዙሕ ምዕዝምዛም ክሳቐ እንከሎ ዝተጻወሮ።** ድምጺ እቶም ነቲ ሓቂ ዝእውጁ ብመራኸቢ ብዙሓን ኣይክፍኖን ኢዩ። እዝኒ ዝበሃል ኣይክዋሃብን ኢዩ። ድምጾም ክስማዕ ክገብሩ እንተኻኣሉ እኳ፣ ከምኡ ብምግባሮም ክውቀሱ ኢዮም።

ኩሎም እቶም ንወደይ ዜፍቅሩዎን እቶም ነዞም ምልክታት እዚኣቶም ኣቐዲሞም ከምእተነግሩ ዝርድኡን፣ ንወደይ ምግልጋሎም ክቕጽልዎ እምሕጸኖም። ብዙሓት ኣቕሸሽቲ፣ ኣብ ክንዲ ንእምነቶም ዝቃለሱ፣ ከምኡ’ውን ንወደይ ሓቐኛታት ኳይኖም ዝጸንሑን፣ ክርሕቑ ኢዮም። ካልኦት ኢዶም ኣይክህቡን ኢዮም እሞ ነቶም ሓቀኛ ህላወ ወደይ ዜናድዩ ኩሎም መግቢ ሂወት ክቕርቡሎም ኢዮም።

ጸላእቲ እግዚኣብሄር፣ ክሳብ ነቶም ቤተ መቕደሳት ዜራኽሱስ፣ ሕሱም ርኽሰታት ክፍጽሙ ኢዮም። ነዚ ምስ ተዓወቱሉ፣ ድሕሬኡ ነቲ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ዝነብረሉ ዙፋን ኬዳልዉ ኢዮም።

ነቶም በቲ ንቤተ ክርስቲያን ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ቅድሚ ሕጂ ርእያቶ ብዘይትፈልጥ ክውሕጣ ተቐሪቡ ዘሎ ዓብዪ ክሕደተ-እምነት ክሳቐዩ ዝኾኑ፣ መታን እቶም ነቲ ሓቂ እትፈልጡዎ ኬተጻናንዕዎም’ሲ ጸልዩ፣ ጸልዩ፣ ጸልዩ።

ጓሂየይ ዓብዪ ኢዩ፣ ልበይውን ከቢዱዎ፣ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ንወደይ ኣዕዚዞም ዜፍቅርዎ ክይተረፈ ክወርድ ብዝኾነ ሕሱም ምትላል። ስቓዮም’ሲ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኸዉን ኢዩ።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት